homes victoria

50 Lonsdale Street,
Melbourne Victoria 3000
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

**OFFICIAL**

ተቐማጦ
መገዲ 126ን 130ን ራሰኮርስ/ Racecourse Road
ፍሌሚንግተን

ዝኸበርኩም ነበርቲ

ብዛዕባ ገስጋስ ናይ ሆምስ ቪክቶርያ ዓቢ ህንጻት ኣባይትን መደብ ዳግመ ምምዕባል ሰማይ ጠቀስ ደርብታትን ንምሕባር ኢና ንጽሕፈልኩም ዘለና።

ኣብዚ እዋን እቲ ዝስዕብ ደረጃ ኣብ 7 ሓደሽቲ ቦታታት ኣብ ምስራሕ ኣሎ። እዚ ሕጂ ኣብ 9 ወሰን ከተማ ንዝርከቡ ህሉውን መጻእን ተቐማጦ ዝበለጸ፡ ዉሑስ ከምኡ ድማ ኣዝዩ ምቹእ ኣባይቲ ንምድላው ንግስግስ ኣለና ማለት እዩ።

ናይ ሎሚ ምልክታ ኣብ ከባቢኹም ንዝርከቡ ልዑል ደርብታት ጽልዋ ኣለዎ፡ ምስዘም ነበርቲ ድማ ስሩዕ ርክብ ንገብር ኣለና። **ኣብ ህንጻኻ ወይ ገዛኻ ኣይጸሉን እዩ።**

## ሎምዓንቲ እንታይ ተኣውጁ ኣሎ፧

ሎምዓንቲ፣ ነቶም ተቐማጦ ብዛዕባ ዳግመ ምምዕባል ናይዞም ህንጻታት ተዛሪብናዮም፡

- ጎደና 25ን 27ን King/ኪንግ, Prahran/ፕራህራን
- ጎደና 150 Inkerman/ኢንከርማን, St Kilda/ሴንት ኪልዳ
- ቀንዲ ጎደና 150 Victoria/ቪክቶርያ, Albert Park/ኣልበርት ፓርክ
- ጎደና 159 Melrose/መልሮዝ, North Melbourne/ ኖርዝ መልበርን።
- ጎደና 29 Crown/ክራውን, Flemington/ፍሌሚንግተን
- ጎደና 94 Ormond/ኦርሞንድ, Kensington/ከንሲንግቶን

**ካብ ሓምለ 2026 ክሳዕ ለካቲት 2028፡** እቲ ዳግመ ህንጻት እንዳተኻየደ ከሎ ናብ ምቹእ ቤት ንኽግዕዙ ንምሕጋዝ ምስዘም ስድራቤታት ብቐረባ ክንዓዪ ኢና።

## ኣብ ጥቕኡ ሓደስቲ መንበሪ ገዛውቲ ንሃንጽ ኣለና

ነዞም ነበርቲ ብናይ ምግዓዝ ኣማራጺታት ንምድጋፍ ድሮ ኣብ ጥቕኦም ብቅዓት ዘለዎም ሓደስቲ ገዛውቲ ይሰርሑ ኣለዉ። ኣብዚ ዓመት ክዛዘሙ ትጽቢት ይግበረሎም፣ ነዞም ዝስዕቡ ድማ የጠቓልሉ፡

- ጎደና Essex/ኢሰክስ, Prahran/ፕራህራን
- ጎደና Simmons/ሲሞንስ, South Yarra/ሳውዝ ያራ
- Barak Beacon/ባራክ ቢከን, Port Melbourne/ፖርት መልበርን
- Holland Court, Flemington/ሆላንድ ኮርት፡ ፍሌሚንግተን

እዞም ገዛውቲ ንምውዓይን ንምዝሓልን ዝቐለሉ ክኾኑ እዮም፣ ንናይ ምንቅስቓስ ድሌታት ዘለዎም ሰባት ዝያዳ ምቹኣት ክኾኑ እዮም፣ ዝተመሓየሸ ዉሕስነት፣ ብርሃንን ንምንቅስቃስ ኣየርን ዘለዎም ከምኡ ድማ ባርኮኒን ናይ ብሕቲ መሕጸቢ ክዳውንትን ዘለዎም ክኾኑ እዮም።

## ኣብ ከባቢኹም

ኣብ **12 ሆላንድ ኮርት/Holland Court ከምኡ ድማ መንገዲ 120 ሬስኮርስ/Racecourse Road** ዝተረፉ ሒደት ስድራቤታት ምግዓዝም ንምጽፋፍ ንድግፎም ኣለና። ምፍራስ ክንጅምር ክንዳሎ ከለና እቶም ተቐማጦ ኣብ ሓደስቲ ኣባይቲ እንታይ ክርእዩ ከም ዝደልዩ ዝገልጽ ርእይቶ ኣብ ግምት ነእቱ ኢና። እቲ ራእይ ሓደስቲ ኣባይቲ ኣብ ብግቡእ ዝተነድፉን ጽቡቕ ምትእስሳርን ዘለዎ ጎሮባብትን ብቕዓት ዘለዎም ሓደስቲ ገዛውቲ ንምህላው እዩ። ቅድሚ ዝኾነ ይኹን ስራሓት እንታይ ክንገብር ከም ዝወጠንናን መዓስን ክንመያየጥ ከምኡ ድማ ጠቓሚ ናይ ርክብ ዝርዝራት ክንቕርብ ኢና።

እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ ኣብዚ ዓመት ኣብቲ ሆላንድ ኮርት/Holland Court ዳግመ ምምዕባል ዝርከብ ሓደስቲ ኣባይትን ናይ ማሕበረሰብ መሳለጥያታትን ክዛዘም ትጽቢት ይግበር ከምኡ ድማ ኣብዚ ዓመት እዚ ክዛዘም ትጽቢት ዝግበረሉ ሓድሽ 5000 ትርብዒት ሜትሮ ዝስፍሓቱ ማእከላይ መናፈሻ ንድፍታት ኣብ ቀረባ ግዜ ከነካፍለኩም ኢና።

## ብዛዕባ መደብ ዳግመ ምምዕባል

ኣብ መልበርን ዝርከቡ ዝኣረጉ ሰማይ ጠቀስ ደርብታት ብዘመናዊ መለክዒ፡ ምቾት፡ ተበጻሕነትን ብቅዓት ጸዓትን ዘማልኡ ሓደስቲ ገዛውቲ ክቕየሩ እዮም።

ነዞም ህንጻታት ዳግማይ ብምምዕባል፡ ነበርቲ ሕጅን ንመጻእን ውሑስን ኣብ ውሑስ፡ምቹእ ከምኡ ድማ ምስ ድሌታቶም ዝሰማማዕን ገዛውቲ ክነብሩ ከም ዝኽእሉ ነረጋግጽ ኣለና።

ቅድሚ ጥሪ 2028 ዋላሓደ ተወሳኺ ዳግመ ምግዓዝ ሰማይ ጠቐስ ደርብታት ኣይጅመርን እዩ።

## ምትእስሳርን እዋናዊ ሓበሬታን ይሃልኹም

ቤትኩም ክፍሊ ናይዚ ደረጃ ናይ መደብ ዳግመ ህንጸት ሰማይ ጠቀስ ህንጻ ኣይኰነን ኮይኑ ግን ምናልባሽ ኣብ ጐረባብትኹም ለውጥታት ይግበር ከም ዘሎ ከተስተብህሉ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደረጃ ናይቲ ፕሮጀክት ምስ ሓድሽ ሓበሬታታት ክንራኸብ ኢና።

ብተወሳኺ ናብ መርበብ ሓበሬታና ኣብ homes.vic.gov.au ብምእታው ኣብ ከባቢኹም እንታይ ይፍጸም ከምዘሎ ክትዕዘቡን እዋናዊ ዜናታት ንምርካብ ንዝመጽእ ሓድሽ ሓበሬታ ክትምዝገቡን ትኽእሉ ኢኹም።

ብልቢ ናትኩም

**Simon Newport**
ዋና ፈጻሚ በዓል መዚ
ሆምስ ቪክቶርያ

28/01/2026